# መፃኢ ዕድል ኢህወደግ ሓደ ፓርቲምኳን ድዩ ወይስ ምክፍፋል እዩ!

ኣባዲ ኣባይ /abadiabay4@gmail.com/

April 16. 2018

ናይ ኢትዮጵያ ህዝብታት ወያናይ ዲሞክራሲያዊ ግንባር ክልተ ዓይነት ባህሪ ዘለዎ ጥምረት ወይ ግንባር እዩ። እቲ ሓደ መፍለይ ባህሪ ናይቲ ግንባር ንሓደ ዕላማ ዝሰርሑ ግን ድማ ነናይ ባዕሎም ነፃነት ዘለዎም ብሄራዊ ውድባት ዝሓቆፈ ጥምረት ምኳኑ እዩ። እቲ ቀንዲ ገላፃይ ባህሪ ናይቲ ጥምረት ድማ ዝተፈላለዩ ደርብታት ዝሓቆፈ ግንባር ምኳኑ እዩ። ስርዓት ርእሰ ማልነት እናማዕበለ እንትኸይድ ኣብቲ ሃገራዊ ፍርያት ንምፍራይ ብዘለዎ ስራሕ መቐሎን ካብ ሃገራዊ እቶት ብፅሒቶም ንምውሳድ ዝሻኸቱ ግን ድማ ሓቢሮም ዝነበሩ ዝተፈላለዩ ደርብታትን ክፍልታት ሕ/ሰብን ዝተኣኻኸበሉግንባር ምኳኑ እዩ። እዞም ሓይልታት እዚኣቶም ኣብ ሓፁር ር/ማልነት ኮይኖም ደርባዊ ረብሓታቶም ንምምላእ ኣብ ቐፃሊ ናይ ቃልስን ሓድነትን ጉዕዞ ዝፅመዱ ክኾኑ ይገብሮም። እዚ ወድዓውን ውህብ ኩነታት ኣብ ውሽጢ ኢህወደግ ዝተሰለፉ ሓይልታት ኣብ ሓደ ሃገራዊ ፖሊሲ ዘለዎም ኣመለኻኽታን ረብሓን ስለዝፈላለ ሓድነቶም እናላሕለሐ እቲ ውድብ ክመቻቸል ዝገብሮ እምበር ሓደን ጠንካራን ፓርቲ ክኸውን ኣይገብሮን።

ሃገርና ሐዚ በፂሓቶ ብዘላ ብርኪ ዕብየት ኣብ ወሽጢ ኣባላት ኢህወደግ ናይ ሓሳባት ፍልልይን ዘይምትእምማን ይንፀባረቕ ኣሎ። እቲ ኣብ ውሽጢ ኢህወደግ ዝረአ ዘሎ ናይ ሓሳባት ፍልልይ ብሓደ ወገን ሓደሽቲ ድሌታትን ባህግታትን ይፍጠሩ ምህላዎም ዘርኢ እዩ። ኢህወዴግ ብዛዕባ ሓደ ፓርቲ ምኳን ኣብ ቐፃሊ ጉባኤ ከምዝዝትየሉ ሓላፊ ቤት ፅሕፈት ኣይተ ሽፈራው ሽጉጤ ብዛዕባ ሰላማዊ ስግግር ስልጣን እቲ ውድብ መግለፂ ኣብ ዝሃብሉ እዋን ሓቢሮም እዮም። ካልኦት ደገፍቲ እቲ ውድብ እውን ኢህወዴግ ሓደ ፓርቲ ክኸውን ይጠልቡ ኣለዉ።ብካሊእ ወገን ድማ ንቶም ሓደሽቲ ድሌታት ፍልልያትን መሰረት ጌሮም ናይ ደገ ሓይልታት ክኣትው ምፍታኖም እዩ። እቲ ናይ ደገ ሓይልታት ምትእትታውን ርኡይ ዝኾነ ምትሕውዋስ ኣሰላልፋሓይልታት ፀጊሕና ክንሪኦ ኢና። ሐዚ ብቀዳምነት ክንሪኦ ዝግባእ ኣጠቓላሊ ጉዕዞሃገርና ጥዕና ብዘለዎ መንገዲ ኢኮኖሚና እናዓበየ፣ ዲሞክርሲና ሱር እናሰደደ፣ ንዙይ ዝፀውር ባህሊ እናማዕበለ ብዝኸደ ቑፅሪ ኢህወደግ እናጠንከረ ድዩ ዝኸይድስ እናደኸመን እናተበታተን ዝብል ንርአ። ንዙይ ምርኣይ ክሕግዘና ናይ ካልኦት ሃገራት ፓርትታት ታሪኽን ኣብቲ ኢኮኖሚና ዝኽሰት መሰረታዊ ነገራት ኣልዒልና ምዝርራብ ይግባእ። ኢህወደግ ኣብ ክልተ ስለዝተመቐለ ግን ዲሞክራሲናን

ምዕባለናን ይዳኽም ማለት ኣይኮነን። ምኽንያቱ ልምዓትን ዲሞክራስን ብዝተጠናከረ ቑፅሪ ናይ ኢህወዴግ ኣድላይንት ስለዝንእስ።

## <u>ታሪኻዊ ተሞክሮታት ካልኦት ሃገራት</u>

ንዚ ታሪኻዊ ተመክሮ ንምርኣይ ክሕግዘና ናይ ኣሜሪካን ሕብረት ሶቭየትን ታሪኻዊ ጉዕዞ ፓርትታት ምርኣይ ጠቓሚ እዩ። ኣሜሪካውያን ንንውሕ ዝበለ እዋንThe era of one-party rule in the United States ብዝብል ዝፍለጥብሓደ ፓርቲ እናተመርሑ ር/ማላዊ ስርዓቶም ከምዘማዕበሉ ይፍለጥ። እንትቅድሞ ፌደራሊስት ብዝበሃል ፓርቲ ቐዒሉ Democratic-Republicans ብዝበሃል ሓደ ሃገራዊ ፓርቲ እናተመርሑ ፀኒሖም እዮም። ይኹን እምበር ኣብ ከይዲ ብዝምርሐሉ ፅንስ-ሓሳብን ብዝወከልዎ መደብን ኣብ ክልተ ተመቒሎም Democrats and Republicans ብዝብል ተፈልዮም ኣለው። ኣብ ሓፁር ር/ማልነት ሪፓብሊካን ብዝበለፀ ንናይ ውልቀ ሰባት ነፃነት፣ መሰልን ሓላፍነትን ትኩረት ጌሮም እንት[1]ሰርሑ ዲሞክራት ድማ ንማዕርነትን ሕ/ሰባዊ ሓላፊነትን ትኹረት ጌሮም እናተቓለሱ ይርከቡ። እቶም ሐዚ ክልተ ኾይኖም ዝወዳደሩ ዘለው ፓርትታት ካብ 1800-1830 ብኣ/ኣ ዘበነ ሓደ ፓርቲ ተባሂሉ ዝፍለጥ ብሓባር ኾይኖም ኣሜሪካ ከምዘመሓድሩ ኖርተን ዝበሃል ፀሓፊ ስግግር 1828 ኣብ ዝብል ፅሑፍ ገሊፅዎ እዩ። ታሪኽ ቮልሸቢክን መንሸቢክን ዝበሃሉ ፓርትታት ሕብረት ሶቭየት እንተሪኢና እውን ተመሳሳሊ እዩ። ኣንፃር መስፍናዊ ስርዓት ቃልሲ እንትጅምሩ ብሓባር ኾይኖም Russian Social–Democratic party ብዝብል እዮም ብሓደ ይቃለሱ ነይሮም። ኣብ መንጎ ብዝተፈጠረ ናይ ሓሳብን ናይ ውግንና ኣፈላላይ ናይ ሩስያ ሶሻል-ዲሞክራሲ ፓርቲቦልሸቢክን ኢሉ እቲ ሓደ ክንፊ እንተውፅእ እቲ ካሊእ ክንፊ ድማ ሩስያ ሶሻል- ዲሞክራቲክ ፓርቲመንሸቢክ ተባሂሉ እዩ ተፈልዩ። ካብ ኣሜሪካ ይኹን ሩስያ ከምንመሃሮ ክልተ ተወዳደርቲ ፓርትታት ብኸይዲ ምዕባለ ካብ ሓደ ገስጋሳይ ውድብ ከምዝፍጠሩ ኢና ካብ ታሪኽ ንመሃር። ኣብ ሃገርና ዘለው ንቲ ናይ ቐደም ስርዓት ዝኣምኑ ፓርትታት ንሓደ ሚኢቲ ዓመት እንተዝቕመጡ እውን ኣማራፂ ኾይኖም ክወፁ ኣይኽእሉን።ከምቲ የማነ ዘርኣይ /መምህር መቐለ ዩኒቨርሲቲ/ ዝበሎ እቲ ትክክለኛ ተወዳዳሪ ዝፍጠርካብ ውሽጢ ኢህወደግ እዩ። እቲ ዝውለድ ፓርቲ ጥዑይ ክኸውን እንተኾይኑ ኣብ ውሽጢ ኢህወደግ ሰፊሕ

---

[1] The Democratic Party evolved from the Jeffersonian Republican or Democratic-Republican Party organized by Jefferson and Madison in opposition to the Federalist Party of Alexander Hamilton and John Adams. The party favored republicanism; a weak federal government; states' rights; agrarian interests (especially Southern planters); strict adherence to the Constitution; and it opposed a national bank, close ties to Great Britain and business and banking interests. The Democratic-Republican Party came to power in the election of 1800.
After the War of 1812, the Federalists virtually disappeared and the only national political party left was the Democratic-Republicans. The era of one-party rule in the United States, known as the Era of Good Feelings, lasted from 1816 until the early 1830s, when the Whig Party became a national political group to rival the Democratic-Republicans. However, the Democratic-Republican Party still had its own internal factions. They split over the choice of a successor to President James Monroe and the party faction that supported many of the old Jeffersonian principles, led by Andrew Jackson and Martin Van Buren, became the modern Democratic Party. As Norton explains the transformation in 1828:

ዲሞክራሲያዊ ሃዋህው ክህሉ ይግባእ፣ ቐፃሊ ክትዕ ኣብ ሓሳባትን ናኣማራፅታት ፖሊሲንክህሉ ይግባእ። ክሳብ ሐዚ ንሪኦ ዘለና ግን ካብ ኢህወደግ ብፀረ-ዲሞክራሲ፣ ብግዕዝይና ተጠርጢሩ እምበር ብናይ ሓሳብ ኣፈላላይ ዝገልስን ዝፍለን የለን። ደንበ ፀረ-ዲሞክራሲን ክራይ ኣካብን እቲ ዝወደቀ ስርዓት ስለዝኾነ ኣማራፂ ኣይኸውንን። ኣብ ተግባር ብኣብዘሓ ድምፂ ክትግበር ድልው ክሳብ ዝኾነ ብትረት ብምክትው ዝሽቑረርን ዕብየት ዝተርፎኣባል ክህሉየብሉን። ፍልልይ ንምፅባብን ይኹን ብዘይ እምኒ ምድርባይ ሰላማዊ ምፍልላይ ዝህሉ ሰፊሕ ዲሞክራሲ ብምንጋስ ጥራሕ እዩ ዘላቒ መድሕና።

<u>ኢህወደግ ንኽመቓቐል ዝድርኹ ኢኮኖሚያዊ ምኽንያት</u>

ኣብ ሃገርና ሐዚ ተፈጢሩ ብዘሎ ኩነታት መሰረት ብምግባር ኢህወደግ ሓደ ፓርቲ ዘይኸውን፣ ንብሄራዊ መንነት እምበር ንሃገራዊ መንነት ትኹረት ኣይተገበረሉን፣ ንኩሎም ፓርትታት ናብ ሓደ ዘምፅእ ስራሕ ይስራሕ፣ ኣጋር ውድባት ናብ ኢህወደግ ይእተዋ ዝብሉ ኣማራፅታት ይለዓሉ እዮም። ሃገራዊሰላምን ሓድነትን ኣብ ሓደጋ ወዲቑ ስለዘሎ ኩሉ ኣብ ትሕቲ ሰማይ ዘሎ ኣማራፅታት ክቐርብ በሪ ምኽፋት ይግባእ። ይኹን እምበር ብጭንቕን ፍርሕን ዝመፅእ ሓሳብ ኩሉ ጠቓሚ ስለዘይኸውን ብርግኣት ምምርማር ከድሊ እዩ። ኢህወደግ ሓደ ፓርቲ ይኹን ዝብል ብመሰረት ሓሳብ ብዙሕ ኣየከራኸርን። እንተኾነ ግና ኢህወደግ ሓደ ፓርቲ ብምኳኑ ሓደ ኦሮሞታይ ኦሮምኛ ብሄራዊ ቋንቋ ምኳኑን ታሪኽ ህዝቢ ኦሮሞ ካብ ምቕንቃን የድሕን ዶ? ንቲ ሐዚ ዝረአ ዘሎ ናይ ሓሳባትን ናይ ፍልስፍና ኣፈላላይ ሓደ ክንገብሮ ይኽእል ዶ? ዝብል ንርአዮ። ኣወዳድባ ድሕሪ ናይ ኣረኣእያን ኣሰራርሓን ምትዕርራይ ዝመፅእ ስልታዊ ስራሕ እዩ። ኣብ ሃገራውን እስትራቴጅካውን ጉዳያት ፍልልይ ውጥም-ቕልቅል ኣብ ዝብለሉ እዋን ብኣወዳድባ ነገራት ክፍትሑ ምፍታን ብዙሕ ርሕቀት ኣይወስድን። ኣብ ሞንጎ ብሄራዊ መንነትን ሃገራዊ መንነትን መሰረታዊ ዝበሃል ጎንፂ የለን። ኣነ ትግራዋይ ኢትዮጵያዊ ንምኳን ሓዲኡ ሓዝ ክበሃል የብለይን። እቲ ሐዚ ዝረአ ዘሎ ንሕናን ንስኹምን ዝዓይነቱ በቲ ኢኮኖሚ ስለዘይተኣሳሰርና ዝፍጠር ዘሎ ፀገም እዩ። ኣብ ኣሩሲ ዘሎ ስንዳይ እንትቃፀል ኩልና ባኒ ከምዘይንረክብን ከምዝኽበረናን እንትንርዳእ ዝደኽሞ መንፈስ እዩ። ንቲ ተደፊኡ ዝነበረ መንነት ንምጥዕዓም ይኹን ምዕቡል ተሞክሮ ብዘይምህላው ተኣሳሲሩ ዘረአ ዝንባለታት ንምውቃዕ ኢትዮጵያዊ እዩ ክብል ትዝርብ ብምውዓልና ዝቕየር ነገር ውሑድ እዩ። ቀንዲ ኢኮኖሚያዊምትእስሳርን ሓበራዊ ዕድል ክህሉ ምግባር እዩ። ንኩሎም ፓርትታት ዘተዓርቕ ሃገራዊ መድረኽ ይሃሉ ይበሃል እዩ።እዞም ኣብ ወፃኢ ዘለው ፓርትታት ይኹን ንኢህወደግን ሰማያዊ ፓርትን ብዕላማ ይኹን ኣብ ሃገራዊ ጉዳይ ሓደ ዝገብር ሰብ ይትረፍ ፈጣሪ እውን ዘሎ ኣይመስለንን። እቲ ጉዳይ እታ ሃገር ከመይ እንተተመርሐት እየ ዝጥቀም ዝብል ናይ ረብሓ ጉዳይ እዩ። ናይዚኦም ፍልልዩ ምፅባብ ዘይኮነስ ኩሉ ኣማራፂ ህዝቢ ቀሪብሉ ህዝቢ ዝተቐበሎ ክትግበር ምግባር እዩ። ኣጋር ውድባት ናብ ኢህወደግ ዝኣትዋሉ ስርዓት ግን ብቕልጡፍ ተፀኒዑ ክምለስ ኣለዎ። ኾይኑ ግና ንኣጋር ወድባት ናብ ውሽጢ ኣእቲኻ ምቅላስ እዩ ዝበልፅንምባልንእዩ። ካብኡ ሓሊፉ ኣብ ገለ ወሰንቲ ሃገራዊ

ውሳነታት ድምፂ ብምርካብ ኣቢልካ ሓደ ክልል ዓብላላይ ተራ ክይህልዎ ወይ ናይ ክልተ ክልላት ኣመራርሓ ተሻሪኩም ዘይኮነ ውሳነ ክይወሰኑ ሚዛን ንምትሓዝ እንተዘይኮይኑ ኢህወደግ ንኽይምቐል መድሓኒት ኣይኮነን።

ኣብ ውሽጢ ኢህወደግ ዝተፈላለዩ ሓሳባት ምህላዎም ኢህወደግ ናብ ክልተ ዝኽፈለሉ መንገዲ ምሓዙ ውድቀት ዘይኮነስ ከም ምዕባለ ክረአ ይግባእ። ኢህወደግ ር/ማልነት ምስ ማዕበለ ትርፍን ዘይድልን ክኸውን እዩ ዝብል ክልስ ሓሳብ ተቐቢልና ኢህወደግ ዝቕየረሉ መንገዲ እንትመፅእ ኣብ መንገዲ ምቕማጥ ኣይግባእን። ንዙይ ብዲሞክራዊያዊ መንገዲ ዘተኣናግድ መስርሕ ምፍጣር ጥራሕ እዩ ንኢህወደግ ዘዋፅእ።ኢህወደግ ብሓሳብ እናተፈላለየ ክኸይድን ክልወጥን ዝገብርዎ መሰረታዊ ኢኮኖሚያዊ ምኽንያታት እንታይ እዮም ዝብል ሓደ ብሓደ ንፈትሽ።[2]

*<u>ስርዓትና ንኹሉ ብሄርን ዜጋ ማዕረ ዕድል እዩ ዝህብ እምበር ንኩሎም ማዕረ ተጠቀምቲ ኣይገብርን። ዝተመጣጠነ ምዕባለ ክህሉን ብዝተፈላለየ ምኽንያት ኣብ ዕዳጋ ተወዳዲሮም ብፅሒቶም ክወስዱ ዘይኽእሉ ሰባት ንምሕጋዝ መንግስቲ ሰፊሕ ምትእትታው ይገብር እዩ። ኣብዚ ሓሳብ እዙይ ፍልልይ ክንፀባረቑ ይጅምሩ ኣለው። ሓደ ክልል ወይ ሰብ ኣነ ዝማዕበልኩ ብፃዕረይ እየ ኣብ ካልኦት ክልላትን ውልቀ ሰባትን ዘሎ ፀገም ናይቲ ከባቢ ኣመራርሓን ናይቲ ህዝቢ ውፅኢት ስራሕ  እዩ ዝብል ክትዕ ይለዓል ኣሎ።</u>*ካብዙይ ተበጊሱ ኩሉ ነገር ንዕዳጋ ክፍቲ ንግበሮ ሰብ ብዓቕሙን ክእለቱን ይጠቐም ዝብል ናይ ሊቨራል ኣተሓሳስባ ይንፀባረቕ ኣሎ። እዙይ ንኢህወደግ ብቐፃልነት እናፈተኖ ዝኸይድ ጉዳይ እዩ። ካሊእ እቲ ኢኮኖሚ ከመይ ይመርሕ ዝብል እዩ። ኣብ መንግስታዊ ር/ማልነት ንቲ ሃገራዊ ኢኮኖሚ ንምምራሕ ቀንዲ ሓላፍነት ዘለዎም ትካላት ብሄራዊ ባንኪ፣ ፕላኒግ ኮሚሽን፣ ፋይናንስን

---

[2]In 1903, the Second Congress of the party met in exile in Brussels to attempt to create a united force. However, after unprecedented attention from the Belgian authorities the congress moved to London, meeting on August 11 in a chapel in Tottenham Court Road. At the congress, the party split into two irreconcilable factions on November 17: the Bolsheviks (derived from "Bolshinstvo"—Russian for "majority"), headed by Lenin, and the Mensheviks (from "Menshinstvo"—Russian for "minority"), headed by Julius Martov.
A central issue at the congress was the question of the definition of party membership. Martov proposed the formulation "A member of the Russian Social-Democratic Labour Party is one who accepts the Party's programme, supports the Party financially, and renders it regular personal assistance under the direction of one of its organizations. Lenin, on the other hand, proposed a more strict definition: "A member of the Russian Social-Democratic Labour Party is one who accepts its programme and who supports the Party both financially and by personal participation in one of the Party organizations."Martov won the vote, and the Bolsheviks accepted it as part of the adopted organizational rules.
Despite a number of attempts at reunification, the split proved permanent. As time passed, more ideological differences emerged. According to many historians[specify], the Bolsheviks pushed for an almost immediate "proletarian" revolution, while the Mensheviks believed that Russia was still at too early a stage in history for an immediate working-class revolution. The two warring factions both agreed that the coming revolution would primarily be "bourgeois democratic" in its character. But while the Mensheviks viewed the liberals as the main ally, the Bolsheviks opted for an alliance with the peasantry as the only way to carry out a popular revolution while defending the interests of the working class. Essentially, the difference was that the Bolsheviks considered that in Russia, the tasks of the bourgeois democratic revolution would have to be carried out without the participation of the bourgeoisie.

ኢኮኖሚያዊ ልምዓትን ካብኔ ሚኒስትራትን እዮም። እቲቐላሲ ግደ ክፃወት ዝግባእ መን እዩ ዝብል ኣብ ሃገርና ኣይተነፀረን። ኣብ ርእሲ እዙይ ኣብ ሞንጎ እዞም ኣካላት እዚኣቶምን ክልላትን ዘሎ ርክብ ኣይንፅሩን። ክልላት ናይ ወፃኢ ሽርፊ ዘርክቡ ፍርያት እንተባኽናን ትኹረት ዘይሃባ እንትተርፉን ከመይ ይእለ ዝብል ኣይተመለሰን። ኣብ ደንበ ወያናይ ዲሞክራሲ መንግስታዊ ርእሰ-ማልነት ኣብ ዝመርሑ ትካላትን ዝህልዎም ግደን ሓደ ዓይነት ኣረዳድኣ የለን። ኣብ ርእሲ እዙይ እቲ ስርዓት ንዕዳጋ ክፍቲ ክኸውን ዝደልዩ ናይ ውሽጥን ደገን ኣውፈርትን ሰብ ሃፍትን ፀቕጢ ይገብሩ ኣለው። እቲ ኣመራርሓና ንዞም ኣካላት እዚኦም ቐረባ ስለዝኾነ በዚ እናተፀለወ ዝኸይድ ውሑድ ኣይኮነን። እዙይ ሰፊሕ ናይ ሓሳብ ፍልልይ ኢሉ እውን ናይ ኣሰላልፋ ፍልልይ ዝፈጥር ወድዓዊ ምኽንያት እዩ።

ካብ ኩሉ ንላዕሊ እቲ ብቓልስና ብቐፃሊ ፃዕርናን እናማዕበለ ዝመፅእ ዘሎ ስርዓት ኣብ ሞንጎ ካፒታልን ዕዮን ዘሎ ጎንፅን ሓድነትን ክጉልህ ዝገብር እዩ። ኣብዚ ቐረባ እዋን ናይ ሰራሕተኛን ኣስራሕን ኣዋጅ ንምምሕያሽ ኣብ መንጎ ማሕበር ሸቃሎን ማሕበር ኣስራሕትን ዘሎ ውጥጥ ዓብዩ ምልክት እዩ። ክልቲኦም ማሕበራት ዓቕሞም ብዝፈቐደ መንግስትን መራሒ ፓርትን ንምእማን ይረባረቡ ኣለው።  ኣብ ኢህወደግ ዘሎ ኣመራርሓ ብሕቡእ ይኹን ብግልፂ ንሓዲኦም ወገኑ ምድጋፉ ኣይተርፍን። እዙይ ግልፂ ዝኾነ ናይ ረብሓን ውግንናን ኣፈላላይ እዩ። ክልቲኦም ብናይ ኢህወደግ ፕሮግራም ዝጥቀሙ እዮም። ንሸቃሎ ዝወገነ ቕኑዕ፣ ንሰብ ሃፍቲ ዝውገነ መድሐርሐሪ ክኸውን ኣይኽእልን። ኣብ ሞንጎ እዞም ሓይልታት ግልፂ ናይ ሓሳብ ቃልሲ እንትካየድ ብከይዲ ከምናይ ኣሜሪካውያን ዝበለ ፍልልይ ክመፅእ ዝገብር እዩ። ኣብ መብዛሕትኦም ኣባላት ኢህወደግ ሃገርና ምስ ማዕበለት ኢህወደግ ንሰብ ዋና ኣረኪቡ ክኸይድ እዩ ዝብል ሓሳብ ይቕበሉ እዮም። መዓዝ ይጅምር ዝብል ግን ምርድዳእ የለን።*ማእኸል ፅንዓት ምርምር ኢህወደግ ንቲ ዝመፅእ ለውጢ ቕቡል ጌርና ስርዓትና ናብ ሶሻል ዲሞክራሲ ዝሰጋገሩሉ መንገዲ ኣሚትና ክንሰርሕ ኣለና ዝብል ገለ ነባራት ኣመራርሓ ኣብ ናይ ካድረ ስልጠና 2009 ዓ/ም ክረምቲ ኣቕሪቦም ነይሮም። መብዛሕትኡ እቲ ሓዱሽ ኣመራርሓ ንዙይ ክርዳእ ይኹን እቲ ዝተረደአ እውን ክቕበል ድልው ኣይነበረን። ናይ ኢትዮጵያ ር/ማላዊ ስርዓት ኣብ መጨረሻ ዝሕዞ መልክዕ ኣብ ናይ ኢህወደግ ድሌት ዝተደረኸ ዘይኮነስ ኣብ ሞንጎ ኣፍቀርትን ተከተልትን ካፒታልን ዕዮን ዝህሉ ናይ ምሁራዊ ትንታነንብናይ ደርብታት ቃልስን ዝውሰን እዩ። እዙይ ንኢህወደግ ክመቓቓል ዝገብር ወሳኒ ፖለቲካዊ ምኽንያት እዩ።*

ብምጥቕላል ኢህወደግ ኣብ ሃገርና ብዝፍጠር ምዕባለ እናተመቐለ ዝኸይድ ውድብ እንበር ሓደ እናኾነ ዝኸይድ ደርባዊ ባህርን መንነትን የብሉን። ዓለም ለኻዊ ተሞክሮ ፓርትታት እንተወሲና ይኹን ኣብ ሃገርና ዘሎ ኢኮኖሚያዊ ባይታ ኢህወደግ ክምቀል ዘግድድ እዩ። ብፍላይ ኣብ ሞንጎ ማዕረ ተጠቃምነትን ኢኮኖሚያዊ ምዕባለ ምቕልጣፍ፣ ብመንግስታዊ ር/ማልነት ዝምርሕ ኢኮኖሚ ድዩ ወይብዕዳጋ ዝምራሕ ኢኮኖሚ ይሃልወና ዝብል ሓደ ነጥቢ ፈልልይ እዩ።እቲ ናይ ልምዓታዊ መንግስቲ ግደ ቅቡል ጌሩ ደረጃ ብደረጃ እዩ ኢድ መንግስቲ ክወፅእ ዝፅዕር እምበር ብሓደ ግዜ ሊበራል ንግበሮ ክብል ኣይኽእልን እቲ ካብ ኢህወደግ ዝቦቅል ኣፍቃሪ ካፒታል። ኣብ ሞንጎ መንግስታዊ ር/ማልነት ዝህልው መራሕቲ ትካላት ዘለዎም ግደ ካሊእ ሰፊሕ ፍልልይ ክረአ ይጀመር ኣሎ።ርእሲ

ኩሉ ድማ ኣብ ሞንጎ ካፒታልን ዕዮን እናማዕበለ ዝኸይድ ፍልልይ ንንምረሐሉ ፈልስፍናን ኢህወደግ ክከፋፈል ኣብ ምግባርን ወሳኒ ግደ ክህልዎ እዩ። ናይ ልምዓታዊ መንግስቲ ፍልስፍና ምስ ዲሞክራስን ሰናይ ምምሕዳር ኣጣሚርካ ቐፃሊ ልምዓትን ምዕባለን ምርግጋፅናይ ኢህወደግን ሃገርናን ከቢድ ፈተና እዩ። መንግስታዊ ቢሮክራስን ውልቀ ትካላት ኣተኣሳሲርካ ብትልሚ ዝምራሕዕዳጋ ምፍጣር ብግዕዝይናን ጉታት ኣሰራርሓታትን እናተሓነቐ ህዝቢ ብዝደልዩ ፍጥነት ምዕባለንምርግጋፅ ዝያዳ በዳሂ ዕማም ኾይኑ ይርከብ። እዚ ተልእኾ እዙይ ኩሎም ሓይልታት ልምዓት ኣብ ጎኒ ኢህወደግ ተሰሊፎም ክቃለሱ ዝገብር ውሳኒ ነጥቢ እዩ። እቲ ወሳኒ ነጥቢ ዋላ ኣብ ቦትኡ ይሃሉ ደረጃ ብደረጃ ምዕባለ እንትመፅእ እቶም ብወያናይ ዲሞክራሲ ዝጥቀሙ ሓይልታት ምስሕሓቦምን ምፍንታቶምን ውህብን ውድዓውን እዩ።እዙይ ማለት ፀላእቲ ኮይኖም ክዋግኡ እዮም ማለት ኣይኮነን ብዝሰልጠነ መንገዲ ነናይ ባዕሎም ፓርትን ውዳበን ሒዞም ድምፂ ህዝቢ ብምርካብ ፓለቲካዊ ስልጣን ጨቢጦም ረብሓታቶም ንምምላእ ክረባረቡ እዮም ማለት እዩ። ስለዝኾነ ኢህወደግ ኣብ ወሽጡ ሰፊሕ ዲሞክራሲ ኣተኣታትዩ ሓሳባት ዘተኣናግደሉ፣ ብኣብዘሓ ድምፂ ኩሉ ተገዛኢ ዝኾነሉ ሲስተም ኣተኣታትዩ ክኸይድ ንቐፃሊ ምክፍፋል ድልው ክኸውን ይግባእ።

**<u>እቲ ሐዚ ዝረአ ዘሎ ፓለቲካዊ ሽግር ዝወለዶ ምትፍናን ንቲ ሰላማውን ወድዓውን ምሕቓቕ ኢህወደግን ምፍጣር ተወዳደርቲፓርትታትንዘሰናኽል እዩ</u>**

ንቲ መሰረታዊ ኢኮኖሚያዊ ቀዳምነት ንምርኣይ ዝበለፀ ይኸውን ንምባል እንበር ኢህወደግ ክመቓቐል ዝገብርዎ ፖለቲካዊ ምኽንያታት እውን ኣለው እዮም። ንኣብነት ከም ክልልን ውድብን ካብቲ ምዕባለ ተጠቀምቲ ኣይኮናን፣ ቋንቋና ሃገራዊ ናይ ስራሕ ቋንቋ ይኹን ዝብል ይለዓል ኣሎ። እዙይ መፈላለዩ ክኸውን ይኽእል እዩ። [3]ናይ ኣውስትራልያ ሊቨራል ፓርቲ ኣብ ውሽጢ 60 ዓመታት ከባቢ ሓሙሽተ ግዜ ምፍልላይ ኣጋጢምዎ እዩ። እቲ ሓደ እዋን ዘጋጠሞም ምፍልላይ ኣብቲ ሀገር ዘለዉ ኣመንቲ ካቶሊክ ኣይመቸውናን ኢሎም ብዘልዐልዎ ሕቶ እዩ። እቶም ዘርኦም እናተቆፀረ ዝጥቅዑ ዘለዉ ከባብታትን ህዝብታትን ኢህወደግ ኣይደሓናን ዝብል መንፈስ ሒዞም ንኸይወፁ ዝዓግት ነገር የለን። እቶም ኣብዚ ሐዚ እዋን እናተልዓሉ ንኢህወደግ ክመቓቐል ወይ ክፈረኻኽስ ክገብሩ ዝኽእሉ ጉዳያት ግን በቲ ንቡር ምዕባለን ኣካይዳን ዝመፁ ኣይኮኑን። *<u>እቲ ብደገ ዝግበር ዘሎ ምትእትታው ናይ ባዕልኻ ስነ-ሓሳብ ይጥቀም ኣይጥቀም ተግባራዊ ንምግባርን ኢሉ እውን ናይ ኢህወደግ ስሕበት ማእኸል ካብ ሰሜን ናብ ማእኸል ወሲድካ ናይ ባዕልኻ ኩርኩር መንግስቲ ንምምስራት ዝዓለመ ዝተዋደደ ምንቅስቓስ እዩ። እቲ ኣብ ውሽጢ ዓድን ኢህወደግን ዝለዓል ዘሎ ተቓውሞ ድማ ካብ ክራይ ኣካብነት ዝብገስን ንሓደሽቲ ለውጥታት ዘይህቅን</u>*

---

[3] I have witnessed three disastrous splits in the Australian Labor Party during the past fifty-six years. ... The first split occurred in 1916 over conscription in World War I; the second in 1931 over the Premiers' Plan for economic recovery in the Great Depression; and the third in 1955 over alleged communist infiltration of the trade union movement. The last was the worst of the three, because the party has not yet healed the wounds that resulted from it.
Arthur Calwell

*መዕነዊ ተግባር እዩ።* **ንቲ ምንቅስቓስ ብስነ-ሓሳብ ጥራሕ ዘይኮነ ንፁር ስልትታትን መተግበሪ ባጀት እናመደበ ዝመርሖ ዘሎ እቲ ናይ ምዕራብ ሓይሊ ምኳኑ ልቢ ክበሃል ይግባእ።እዞም ኣብ ሓጺር እዋን ክኢለዮ ዝግባእ ኣራኣእያታት ብኣግባቡ እንተዘይተፈቲሖም ተወሰኽቲ ምኽንያታት ኮይኖም ንኢህወደግ ክፈላልይዎ ይኽእሉ እዮም። እዞም ኣብ ዘይእዋኖም ተላዒሎም ንኢህወደግ ክፈላልዩ ዝፅዕሩ ዘለዉ ኣራእያታትን ኣካይዳታትን ኣብ ዘይመዓልቶም ዝውለዱ ድኹማት ፓርትታት ፈጢሮም ዲሞክራሲና ከበርዕኑ ዝኽእሉ ሓደገኛ ተርእዮታት እዮም። ካብኡ ሓሉፉ ንቲ ዘላቒ ጥፅና ዘለዎ ምፍልላይን ሰላማዊ ጉዕዞ ምፍጣር ተወዳደርቲ ፓርትታትን ከሰናኽልዎ ዘለዎም ዕድል ብቐሊሉ ዝግመት ኣይኮነን።**

*ብሓፈሻ ኢህወደግ ኣብቶም ንኩሎም ደርብታትን ክፍልታት ሕ/ሰብን ረብሓ ዘማልኡ ዕላማታቱ ሒዙ ክሳብ መወዳእታ ሓይሉ ንምትእኽኻብ ክሰርሕ ይግባእ። ብክውንነታዊ ፖለቲካውን ኢኮኖሚያውን ምኽንያታትን ካብ ውሽጡ ፈንዲኦም ዝመፁ ናይ ኣረኣእያን ሓሳባትን ምፍልላይ እንትህልው ግን ብዲሞክራሲያዊ መንገዲ ንምትእንጋድ ድልው ክኸውን ይግባእ። ንዙይ ዝቕበል መስርሕን ስርዓትንክንሃንፅ ኣለና። እቶም ካብ ደገ ዝመፁ ስነ-ሓሳባዊ ተፅዕኖ፣ካብ ፀላእቲ ኢትዮጵያ ዝኾኑ መንግስታት ዝነቕሉ ሸርሕታት፣ክራይ ኣካቢ ድልየታትካ ንምምላእ ተባሂሎም ዝለዓሉ ናይ ትምክሕትን ፀቢብነትን ኣካይዳታት ኣብ ዘይመዓልቱ ንኢህወደግ መቒሎም ሃገር ከፍርሱ እዮም። ኣብዚ ሐዚ እዋን ናይ ኢህወደግ ምክፍፋልን ምፍራስን ናይቲ ፌደራል ስርዓትን ኢትዮጵያን ምክፍፋል ከምፅእ ይኽእል እዩ። ስለዝኾነ ኣብ ዝሓፀረ እዋን ኢህወደግ ከይፈርስ እናሰራሕና ብነዊሕ ኩሎም ኣማራፂ ኣለና ኢሎም ካብ ኢህወደግ ዝፍለዩ ኣብ ሓፁር እዛ ሃገር ኮይኖም ተወዲቦም ክቃለሱ ዝዕድም ኣካይዳ ክህልወና ኣለዎ። ናይ ኢህወደግ ምፍልላይን ሃገር ምብታንን ክልተ ዘይራኽቡ እኩባት /Disjoint sets/ ዝኾኑ ሃዋህው ክንፈጥር ኣለና። ርእሲ ኩሉ ሃገር ዝብትን ነገር ከይፍጠር ምጥንቃቕ የድልየና።ኢህወደግ ብታሪኻውን ሳይነሳውን ጉዕዝኡ ሓልዩ ክሓቕቕ፣ ሃገርና ዘለኣለማዊትን ብዝተፈላለዩ ታሪኻዊ ኣጋጣሚ ዝተፈለዩ ህዝብታት እናፀበረት ሓድነታ ክትሕሉ ቀንዲ ዋሕስና ዲሞክራሲ ምስፉሕ፣ኣፈላላይ ሓሳብ ምፅዋር፣ ኣብ መወዳእታ ናይ ኣብዘሓ ውሳነ ተግባራዊ ዘግባር መደላድል ምፍጣር እዩ።*